መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# ሓረስታይን ዘርእን



ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- M. Maillot; Lazarus
Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ E. Frischbutter; Sarah S.

ተርጓሚ፡- ሰላም ተወልደ

ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org

©2022 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣


ሓደ መዓልቲ የሱስ ኣብ ገምገም
ቀላይ ኮይኑ ይምህር ነበረ።
ብዙሓት ህዝቢ ድማ
ክሰምዕዎ
ተኣከቡ። እቶም ህዝቢ
ኣዚዮም እንዳበዝሑ መጹ።
የሱስ እንታይ
ይገብር
ይኸዉን?

ሓደ መዓልቲ የሱስ ኣብ ገምገም ቀላይ ኮይኑ ይምህር ነበረ። ብዙሓት ህዝቢ ድማ ክሰምዕዎ ተኣከቡ። እቶም ህዝቢ ኣዚዮም እንዳበዝሑ መጹ።





የሱስ ድማ ምስላ ክዛረቦም ጀመረ፡ ዛንታታት ውን ነቶም ህዝቢ ብዛዕባ እግዚኣብሄር ዘረድኦም ይነግሮም ነበረ።

"ሓደ ሓረስታይ ኪዘርእ ወፈረ፡" ናይ የሱስ ዛንታት ቃላት ብስእሊ ምግላጽ እዩ ኔሩ።



ሰባት ድማ ቅድሚ ሕጂ ብዙሕ ግዜ ዝረኣይዎ
ሓረስታይ እንዳ ሰኣሉ ይሰምዕዎ ነበሩ።



ገለ ካብቲ ዘርኢ ኣብ መገዲ
ወደቀ። ሻሕ! ምስ በለ ድማ
ኣዕዋፍ ሰማይ ተቀላጢፊን
መጺአን በልዕዖ።



ገሊኡ ዘርኢ ድማ ኣብ እምኒ
ወደቀ፡፡ ቀልጢፉ ውን በቆለ።
ብርቱዕ ጸሓይ ምስ መጸ ግና
ሱር ስለ ዘይብሉ ደረቀ፡፡



ካልእ ዘርኢ ውን ኣብ
እሾኽ ወደቀ። ዘርኢ
ኣይርፍረየን። እቲ እሾኽ
ኪቦቅል ከሎ ሓነቆ፡
ጾሓይን ማይን ከይረክብ
ውን ከልከሎ።




እቲ ዝተረፈ ዘርኢ ድማ ኣብ ጽቡቕ
መሬት ወደቀ። ጊዜ ምስ ሓለፈ ድማ፡
ጨናፍር ኣውጽአ እሞ ብዙሕ ፍረ ድማ
ፈረየ። እቲ ሓረስታይ ድማ
ኣዚዩ ተሓጊሰ።

ድሕሪ እዚ ዛንታ፡ ደቂ መዛሙርቲ የሱስ ናብ የሱስ መጺኦም ሓተትዎ። "ንምንታይ ኢኻ ብምስላታት ገርኻ ትምህረና?"



የሱስ በሎም ምስላታት ሰባት ንእግዚኣብሄር ዘፍቅሩ ተኾይኖም ጥራሕ እዩ ዝርደኦም። እቶም ንእግዚኣብሄር ዘየፍቅሩ ግና ኣይክርድኦምን እዩ።




የሱስ ነቲ ምስላ ክትርጉመሎም ጀመረ።
እቲ ዘርኢ ቃል ኣምላኽ እዩ። እቲ ዘርኢ
ኣብ መገዲ ዝወደቐ ልክዕ ከምቲ ቃል ኣምልኽ
ሰሚዑ ግን
ዘይስተውዕሎ እዩ።
ሰይጣን መጺዩ
ድማ ከም
ዝርስዖ
ይገብሮም።


ሓደ ሓደ ሰባት ድማ ቀልጢፎም ነቲ ቃል
ይቅበልዎ። ልክዕ ከምቲ ኣብ እምኒ ዝበቆለ ዘርኢ
እዩ፡፡ ኩነታት ወይ ነገራት ምስ
ዝፍትኖም ግና ዘሕዝን ነገር
ይኸውን፡፡

እዞም ሰባት ንየሱስ ምስዓብ ይገድፉ ንኣምላኽ
ምእዛዝ ውን የቃርጹ። ንእምላኽ ምስዓብ
ዘኽፍሎም ዋጋ ክከፍሉ ኣይደልዩን፡፡ ብጣዕሚ
ዘሕዝን እዩ ኣብ ክንዲ ንእግዚኣብሄር፡
ንሰባት እዮም ከሐጉሱ ዝጽዕሩ።



እቲ እሾኽ ኣብቲ ምስላ
ድማ ናይ ዓለም
ፍትወት፡ ፍቕሪ ገንዘብ
ንልቢ ሰብ ይሕዞ።
ገንዘብን ካልእ ነገራት
ንምርካብ ኣዚዮም
ይጽመዱ እሞ ንናይ
እግዚኣብሄር ቃል ካብ
ሂወቶም የውጽእዎ።



እቲ ኣብ ጽቡቕ መሬት ዝወድቕ ዘርኢ እሞ ጽቡቕ ምህርቲ ዝህብ ግና ልክዕ ከምቲ ቃል እምላኽ ናብ ልቢ ሰብ ዝኣቱ እሞ ሂወት ሰብ ዝቅይር እዩ። እዞም ሰባት እዚኦም ድማ ንእምላኽ ይእዘዙን ይግዝኡን።



እቶም ኡኩባት ሰባት ኪኸዱ ኣይደለዩን። ብዙሓት ን ኣምላኽ ክስዕቡን ከኽብርዎን ደለዩ። ናይ የሱስ ምስላታት ብከመይ ንእግዚኣብሄር ከም ዝእዘዝዎ መሃሮም።



ሓረስታይን ዘርእን

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ማቴ 13

“ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።” መዝሙር 119፣130

# መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ
መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቕረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኹ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ 3፡16